# መዝሙር እምነት 60 ቅድስና ንኣምላኽ

1.መርዓት ናይቲ ገንሸል ናይ የሱስና፡
ኣብነት ጽድቂ ናይ ቅድስና፡
ብደሙ ገዚኣ ብኹቡር ዋጋ፡
ጽድቂ ኣልቢሱ መታን ክወስዳ።

ተደጋሚ፡- ቅድስና ንኣምላኽ፡ይኹን ዕላ.ማና
ቅድስና ንኣምላኽ፡ንፈ.ቃር ኣቦና
ነመስግን ብመዝሙርና፡
ቅድስና ንኣምላኽ፡ንመድሓኒና።

2.ኩሎም ውሉድ ኣምላኽ ዘፍቕርዎ፡
ብቅዱስ ፍቕሪ ዝኽተልዎ፡
ብቅድስና ንጽህና ልቢ፡
ጽውዓት እዮም ከገልግልዎ።

ተደጋሚ

3.ስም ኣምላኽና ባርኽ ስም የሱስና፡
ነጺሁ በሪሁ ቕድስና፡

ክንርድኦ ክእለት ሂቡና፡
መንፈስ ምስ መጸ ክቕድሰና።

ተደጋሚ

## መዝሙር እምነት 61 ኣንጽሃኒ

1. ብስቡር ልቢ ብቅጥቁጥ መንፈስ፡
ኣባኻ'መጽእ ዘጽሪ መንፈስ።
ልበይ ኣንጽህ መንፈሰይ ሓድሶ፡
ብጸጋኻ ህይወተይ ቀድሶ።

ተደጋሚ፡-ኣንጻሃኒ(2) ጽሩይ ልቢ ዓድለኒ፡
ልኣኽ ዘጽሪ ጋህርኻ፡ኣንጽሃኒ
ብመንፈስካ።

2.ኩሉ በደል መንፈስካ ዘጉህዮ፡
ብሓይልኻ ካብ ልበይ ፍሓቆ።
ልበይ ይኹን ዘልኣለም ማሕደርካ፡
ትነብረሉ ናይ ወርትግ ዝፋንካ።

ተደጋሚ

3. ፍረ ከናፍረይ ሓሳብ ልበይ፡
ተግባር ኣእዳወይ ኩሉ ፍቓደይ፡
ኣርንቦ ናባኻ ዎ ኣምላኸይ፡
ቀድሶ ንኣኻ ንንብረተይ።

ተደጋሚ

## መዝሙር እምነት 62. ‘ቲ ሓዊ መንፈስ ቅዱስ G.F.27

1. ነፍሰይ ትሃርፎ የልቦን ኣብ ምድሪ፡
ኣብ ኣምላኽ ተወኪለ፡
ብሓዊ ናይ መንፈስ ክትጥመቒ፡
ህይወተይ ህድእ በሊ።

ተደጋሚ፡-’ቲ ሓዊ መንፈስ ቅዱስ ምስ ወረደ፡
ኣይርስዖን ተቐዲሰ፡
‘ቲ ሓዊ መንፈስ ቅዱስ ምስ ወረደ፡
ጎይታ ልበይ ኣንጽህ።

2. ዘይምእማነይ ርሒቑለይ ኩሉ ፡ሱር ሓጥያተይ

ኣልጊሱ፡
ኣርውዩኒ ሰላም ከም ወሓዚ፡መንፈሱ ምስ
መልኣኒ።

<u>ተደጋሚ</u>

3.ልበይ ኣንጺሁ ብጽሩይ ደሙ፡ከዘንቱ
ዓቢ ሳህሉ።
ጽውኣይ ኣጀርቢቡ ብኽብሩ፡ጎይታ ልበይ
ቀዲሱ።

<u>ተደጋሚ</u>

4.ኣኽሊል ህይወተይ ኣሎኒ ኣብ ሰማይ፡
ቀዲሱኒ ኣምላኸይ፡
ዝነጽህ ልቢ ተዋሂቡኒ፡ብደሙ ኣጽሪዩኒ።
ተደጋሚ

ኣ.ሓ

# <u>መዝሙር እምነት 63 ኣብቲ ፈልፋሊ ምንጩ</u> G.F69

1.ሓጥያት ምስ ተደምሰሰ፡ ብኽቡር ደም ናይ
የሱስ፡
ሰላም ኣሎ ኣብ ሰማይ ፡ኣብቲ ፈልፋሊ ደሙ።

ተደጋሚ፡-ኣብቲ ፈልፋሊ ምንጪ፡ሓጎስ ዝፍልፍለሉ፡

ሰላም ዕረፍቲ ኣሎ፡ንምድሓን ሓጥያት ኩሉ።

2.ምስ የሱስ ተሰቒለ፡ብህይወተይ ክመስሎ፡
ኣብ ፍቓዱ ክነብር፡ፈጺመ ክኸተሎ።

<u>ተደጋሚ</u>

3.ፍጹም ፍቕሪ ናይ የሱስ ፡ናይ ልብና ዕረፍቲ፡
ካብ ሰማያት ዝፍልፍል፡ናይ መድሓኒና ሃብቲ።

<u>ተደጋሚ</u>

4.ኣብ ሕቑፊ ናይቲ ገንሸል፡ ኣብ ትሕቲ ቕዱስ ክንፊ፡
ህድኣት ክረክብ ናብኡ፡ ኣብቲ ፈልፋሊ ምንጪ።

<u>ተደጋሚ</u>

5.ካብ ሱር ሓጥያት ኣንጺሁ፡ካብ በረድ ኣጽሪዩኒ፡
ብሓጎስ ክውድሶ፡የሱስይ ዘንጽሃኒ

<u>ተደጋሚ</u>

ኣ.ሓ

# መዝሙር እምነት   64 ቅዱስ ፍቕሪ

1.ፈቃር የሱስ ርሕርሑ ጎይታ ፍቕርኻ ኣሕድረልና፡
ንጹህ ፍቕሪ ናይ ምድሓንካ'ቲ እሙን ምሕረትካ
ሃብ።
ዎ ኣምላኽና ርድኣና ብሓይሊ ድሕነትካ፡
ንስቡር ልባትና ጸግን ብቕዱስ ፍቕሪ ናይ ኣብ።

2.ቅዱስ ፍቕሪ ናይ መንፈስካ ኣካፍል ንጭኑቓት፡
መንፈስ ቅዱስ ተመሊኦም ክወርሱ መንግስትኻ፡
ጽሩይ ልቢ ኣሕድረሎም ዎ ኣልፋን ኣሜጋን፡
ጀማር እምነትናን ደምዳምን ሓርነት ሃበና።

3.ፈጽም ቅዱስ ስራሕካ ንምቕዳስ ነፍሳትና፡
ልብና ይኹን መቕደስካ ዎ ቀዳሲ ነፍስና።
ካብ መቕደስካ 'ይትፈለ ማሕደርካ ከይጽልም፡
ብርሃን ነፍሳትና ህይወትና ንመጋሴኻ እለ።

4.ንጭኑቕ ንምግዱር ልቢ መንፈስ ቅዱስ ምልኣዮ
ካብ ሰማያዊ ሃብቲ ንምውራስ ኣብቅዓዮ።
ንምሕጣእና ደምሲስካ ናይ ዘልኣለም ኣብ፡
ንትስ ጥንቲ ዎ የሱስና ሓርነት ሃበና።

# <u>መዝሙር እምነት 65 ህይወትካ ናብ ጎይታ ኣቐርብ</u> A.A.C.H388

1. ሰላምካ ክምለስ እምነትካ ክድልድል፥
ናብ ጎይታኻ ብጸሎት ቅረብ።
በረኸት ምስ ሰላም እንተደለኻዮ፥
ህይወትካ ንጎይታ ወፍዮ።

ተደጋሚ፡-ህይወትካ ብምልኡ ናብ ጎይታ ኣቐርብ፥
ንዕኡ በይኑ'ውን ኣግዝእ፥
ህይወትካ ብመንፈስ ቅዱስ ምስ ዝምላእ
ሰላምካ ኣዝዩ ይበዝሕ።

2.ምስ ጎይታ ክትነብር ኣብቲ ብርሃን ቃሉ፥
ምርጫኻ ድዩ ዎ ሓወይ፥
ፍቓድ ጎይታ ግበር ናጽነት ክትረክብ፥
ዘሎካ ናብ ኣምላኽካ ኣቐርብ።

<u>ተደጋሚ</u>

3.ውሬታይ ንኣምላኽ መታን ክመልሰሉ፥
ህይወተይ ንእኡ እውፊ፥
ክሳዕ ንህይወተይ ዝገዝእ መድሕነይ፥
ዘሎኒ ወፍየሉ እየ።

<u>ተደጋሚ</u>

4.ፍቕሪ ናይ ኣምላኽይ ዓቢ እዩ ንኣይ፥

ንዓኻኸ ዎ ኽቡር ሓወይ፡
ፍቕርና ክዓቢ በርኽት ክንምላእ፡
ዘሎና ናብ ጎይታና ነቕርብ።

ተደጋሚ

ክ.ጸ

# መዝሙር እምነት 66 ጽሩይ ማይካ ንጸገልና

1. ዘልኣለማዊ ኣምላኽ ሰማያዊ ኣቦና፡
 ካብ ኣርያም ካብ ላዕሊ ጠምት ናባና
 ጥልመት በዚሑ ንዓኻ በዲልና፡
 ሰለ ስምካ ኢልካ ሕጂ ዘክረና፡
 ደምስስ ኣበሳ ኣርሕቕ ሓጢኣትና፡
 ክንድሕን ድማ ገጽካ ኣብርሃልና/2/

ተደጋሚ፡-ጽሩይ ማይካ ንጸገልና ካብ ሓጢኣትና ኣጽርየና
ሓድሽ ልቢ ሎሚ ሃበና ብርሃን ገጽካ ኣብርሃልና፡
ናይ እምኒ ልቢ ኣውጺእካ ናይ ስጋ ልቢሃበና፡
መንፈስካ ኣሕድር ኣባና መገድኻ ኪመርሓና።

2. ልዑል ዝኾንካ ኣምላኽ ገባር ተኣምራት፡
 ብኽናፍካ ተውጽእ ካብ መዓት።
 ሰለዚ ተመስገን ንብለካ ኣምላኽና፡
 ዘድሓንካና ካብ ጥፍኣት ዝሃብካና ህይወት።
 ሕጂ’ውን ሰልጥን ጎይታ ኣብ ልዕሌና፡

ንስኻ ኢኻ ንጉስ ናይ ህይወትና። (2)

ተደጋሚ፡-

3. ብጽድቕን ቅድስናን ክንነብር ሃዲእና፡
ንህይወታና ቀድስ ምሕረትካ ሃበና፡
ዘስተውዕል ኣእምሮ ንኽህልወና፡
ብጸጋኻ ጎይታይ ንዓ ደግፈና፡
ልብና ኣጽሪ ሓጢኣትና ቀንጥጥ፡
ንኽብርኻ ጎይታ ታሪኽና ለውጥ። (2)

ተደጋሚ፡-

4. ልምድን ስርዓትን ኮይኑ ከይተረፍ ኣምላኽና፡
ኣብ ኩሉ ንገብሮ ንዓ ሕበረና፡
ካብ ሕሱም ጸላኢ ብጸልማት ዘድብየልና፡
ካብ ድኻም ካብ ውድቀት ንዓ ሓልወና፡
ሕሩይ መጓሰ መታን ክንኮነልካ፡
ምራሕ ብመንፈስካ ባርኽ ንህዝብኻ። (2)
መ.ኣ

# መዝሙር እምነት 67 ጎይታ ቀረባ ኢኻ

1. ኣእዳወይ ክዝርግሕ ናብ ቅዱስ ዝፋንካ፡
ኣንግሄ ኣምስየ ከስተውዕል ፍቓድካ።
መዘወሪ ናተይ ጎይታ የሱስ ኢኻ፡
እንሆ ህይወተይ ክበር ኣብ ባርያኻ።

ተደጋሚ፡- ጎይታ ቀረባ ኢኻ ትፈልጦም’ውን ኢኻ

ንንጽሃት ልቦምሲ ዋልታኦም'ውን

ኢኻ፡

2. ከም መስዋእቲ ምሸት ተቐበል ጸሎተይ፡
   ንልበይ መርምር ፍለጦ ሓሳበይ፡
   ዓይኒ ልበይ በሪሁ ከስተውዕል ተስፋኻ፡
   ምቕባል ክበቅዕ ምልኣት ናይ ጸጋኻ፡
   ተደጋሚ፡-

3. ሱር ሰዲደ ክስረት ኣብ ምልኣት ናይ ፍቕሪ፡
   ኣጥምቆ ህይወተይ ብሓዊ ዘጽሪ፡
   ምልኣኒ መንፈስካ ክብርኻ ከውሪ፡
   ፍቓድካ ኢዩ ክምቅር ክበርህ ኣብ ምድሪ።

# መዝሙር እምነት 68 ምሕረትካ ዘይውዳእ

1. ጎይታ ከም ተስፋኻ ቀድሰን ንነፍሳትና፡
   መንፈስ ቅዱስ ልኣኽ ክጽግን ሓይልና፡

ህያው ምኻንካ'ውን ግለጽ ንሂወትና፡
ሓጎስና መሊኡ ከንጀርብብ ጽዋእና።

ተደጋሚ፡- ምሕረትካ ዘይውዳእ ህያው ቅዱስ ጎይታ፡
ምልኣዮ ህይወትና ብፍጹም ፍቕርኻ፡

2. ኩሉ ኣበሳና ከም በረድ ተጻዕዱ፡
ከቢድ ጾርና ኩሉ ቀንጢጥካ ትስንዱ፡
ንዓና መሲልካ ሞት'ውን ዝጠዓምካ፡
ክንመስል ንዓኻ ብመንፈስካ ኣጥምቐና።
*ተደጋሚ፡-*

3. ኣዒንቲ ልባትና ከፈቶ ክእዘዝ፡
ጉድለትና ክንምልእ ንእመን ንናዘዝ፡
ንዓ ዝተዋሕጡ ኣውጽእ ካብ ታኼላ፡
ማሕበርካ ከም ቃልካ ሰማይ ክፈተላ።
*ተደጋሚ፡-*

4. ደምካ ዝተኻዕወ ከሓጽብ'ዩ ከንጽህ፡
ዝዓግተና ለጊሱ ሕልናና ከብርህ፡
ስምካ ፈዋሲና ክብርኻ ዝገልጽ፡
ዘይትና ክፍልፍል ክሳዕ እትምለስ።

በ.ጸ